**መበ ል 40 ዓ መት ፈ ስ ቲ ቫ ል**
**ቦ ሎኛ**
**ኣ ዳ ላ ዊ ት ሽ ማግ ለ**

الذكرى 40 للمهرجان
بولونيا
اللجنة المنظمة

**40th Anniversary Festival Bologna Organising Committee**

ናብ፡ ዝምልከቶም ኣካላት ንዝኽሪ 40-ዓመት ፌስቲቫል ቦሎኛ

ዕለት፡ 2014-05-21

**ጉዳይ፡ ዝኽሪ ፌስቲቫል ቦሎኛ - 2014**
**ሳልሳይ ክፋል ሓበሬታ**

ሰላምታና ነቐድም፡

1. መዘኻኸሪ ነጥብታት፡ ብዕለት 9 ግንቦት ኣብ ዝለኣኽናልኩም መልእኽቲ፡ ገደብ ግዜ ቁሸትታትን ዕዱማት-ክብርን ዘርኢ፡ ግንቦት 21፡ ምንባሩ ሓቢርና ነይረና።
   1.1. ቁሸት-ኮማት፡ ንጉዳይ ቁሸት ኮማትና በብሃገሩ ዘርኢ ዛጊት ሆላንድን ጀርመንን ብወግዒ ተሳታፍነቶም ኣረጋጊጾም ዘለዉ። ስለዚ፡ ምስ ዘሎና ጸቕጢ ግዜ ህጹጽ መልስኹም ኪትህቡና ነተሓሳስብ። ዝርዝር ጠለባትኩም'ውን ኣብ ዝሓጸረ ከተሰንዩ ነተሓሳስብ።
   1.2. ኣጋይሽ-ክብሪ፡ ብተመሳሳሊ ገደብ ግዜ ሓሊፉ ኣሎ። ዝርዝር ዕዱማትኩም ብዝሓጸረ ልኣኹልና። ናይ ዕድመ ወረቐት ነሰኒ ኣሎና። እዚ፡ ኣብ ጽቡቕ ወረቀት ምስ ርዝነት ዘለዎ ሰታሪት ኣዳሊኹም ናብ ዕዱማት ኪትልእክዎ ነተሓሳስብ። ኣብ ከከባቢኹም ከተሕትምዎ ዚመረጽናሉ ምኽንያት ንኣሳልጦ ስለዝኾነ ክትርድኡልና ንሓትት።
   1.3. ተሳታፍነትኩም ኣብ ንጥፈታት ስፖርት ዚምልከት'ውን መልስኹም ንጽበ ኣሎና። ትጽቢትና ሓንቲ ምርጽቲ ጋንታ ን ሓደ ሃገር እዩ።
   1.4. ብተመሳሳሊ፡ ዘለኩም ሰነዳት-ዝኽሪ ፌስቲቫል ቦሎኛ'ውን ኣብ ዝሓጸረ ልኣኹልና።
2. ንሱታፌ ሃገራውያን ሰብ-ንግዲ ዚምልከት፡

ኣብ ፌስቲቫል ዝኽሪ፡ ኣብ ንግዲ ዚነጥፉ ዜጋታት ኪሳተፉ መደብ ተታሒዙ ስለዘሎ፡ ብዝስዕብ ኣገባብ ኪሳተፉ ከምዝኽእሉ ንሕብር።

   2.1. ምስ ከህሉ ዚኽእል ብዝሒ ጠለብ (ድሮ'ውን ብዝተፈላለየ መስመራት ዚቐርብ ዘሎ ወኸሰ ኣብ ግምት ብምእታው)፡ ኪንጻወሮ ንኽእል ብዝሒ "ድኳናት" 15 ምዃኑ ንሕብር። 4 "ድኳናት" ንኢጣልያ ዚተሓዝአ ኮይኑ፡ ዝተረፈ 8 ኮታ፡ ክልተ ንጀርመን፡ ክልተ ንሽወደን፡ ክልተ

ንብሪጣንያ፡ ሓደ ሆላንድ ሓደ ድማ ንስዊዝ ተመዲቡ ኣሎ። ኣብ ታሕቲ ቀሪቡ ኣብ ዘሎ ገደብ ግዜ ጠለብ ምስ ዘይቀርብ፡ ንኻልኦት ከባቢታት ከምዝውዛዕ፡ ነፍልጥ።

2.2. እቲ ጠለብ ዚያዳ'ቲ ዓቅምና ኪኸውን ስለዝኽእል፡ ዚቐርብ ጠለባት ምስ ቀረበ ብዕጫ ከምዚውሰን ነተሓሳስብ። ብተወሳኺ፡ ንዝኾነ ፍቓድን ምንጻግን ዚምልከት በይናዊ መሰል ሓይሊ ዕማም ፌስቲቫል ምኟኑ ነብርህ።

2.3. ብሽርኽነት ሓንቲ ድኳን ኪሕዙ ንዝደልዩ ዜጋታት፡ ፍቑድ ምኟኑ ንሕብር፡

2.4. ክፍሊት ፍቓድ፡ 700,00 ዩሮ ኢዩ። ንትምህርትን ምዕባለን ዚምልከት ቀረባት "ጥራይ" ንዘቕርቡ ሰብ ንግዲ፡ ንምትብባዕ ብዝብል ክፍሊት 400,00 ዩሮ ተወሲኑ ኣሎ።

2.5. ስፍሓት "ድኳን"፡ ቴንዳ ናይ 16 ትርብዒት ሜትሮ (4x4)፡ ምስ'ዚ 4 ጣውላን 2 Benchs (ኣርባዕተ ሰባት ኮፍ ዘብል)፡ ኪቕረብ ኢዩ።

2.6. ዝኾነ መሸጣ መግብን መስተን (ኣብ ቦታ ፌስቲቫል ዚሃልኽ)፡ ከምዘይፍቀድ ነፍልጥ!

2.7. ክፍሊት፡ ብመንገዲ ነፍሲ ወከፍ ኣብያተ ጽሕፈት በብሃገሩ ኪፍጸም ዚሓሸ ምኟኑ ብምርዳእ፡ ኣብ ምእካብ ክፍሊታት ሙሉእ ምትሕብባርኩም ንጽበ።

2.8. ገደብ ግዜ ምዝገባ፡ ዕለት 3-ሰነ ምኟኑ ንሕብር። ድሕሪ'ዚ ዕለት ከምዘይንቕበል ነተሓሳስብ። ሰብ ንግዲ፡ ክፍሊት ተሳታፍነት ክሳብ ዕለት 10 ሰነ ከማልኡ ኣልዎም።

3. ንነስጓሳት ዚሕግዝ፡ ፖስተራት ኣብ ዝሓጸረ ኪንልእኽ ኢና።

4. ኣብ ዝሓለፈ መልእኽትታት'ውን ከምዝተሓበረ፡ ዝበዝሐ ህዝቢ ንምኽታትን ንምስታፍን ጎስጓስኣትኩም ኪትሕይል፡ ኣድማዒ ዓቕሚ-ሰብ ንስራሕ ከተለልዩን ክትውድቡን፡ ብሓፈሻ ኩሉ መዳያዊ ሱታፌ ንምርግጋጽ ብዝሓየለ ኪትሰርሑ ብትሕትና ደጊማን ነዘኻኽር።

ዓወት ንሓፋሽ!

ሓይሊ ዕማም ዝኽሪ 40-ዓመት ፌስቲቫል ቦሎኛ